# ሰማዒ ዝሰኣነ ኣውያት።

ኣብ ገማግም ሊብያ ዝተገብረ፤
ቶሎ በጺሑ እቲ ሕማቕ ወረ፤
መስኪን ወላዲ መዓንጥኡ ሓረረ።

ጽንዓት ይሃቦም መንፈስ እናሓደረ፤
ንእምነት መስዋእቲ ቀደም'ውን ነበረ፤
ስሞም ይነብር እናተዘከረ።

ካልእ ብዙሕ ኣሎ ዘይተነግረ፤
ዓዲ ዕረብ ካብ ርሻን ተወርወረ፤
በዓል ሲናይ ደሃይ ኣልቦ ዘይተቐብረ።

ደም ንጹሕ ብምፍሳስ ነብሱ ዘርውዮ፤
ብጃሕ ሰም ርእየ ሕማቕ ተርእዮ፤
ሰብ ወዲ ሰብ ድዩኽ ተጠራጥረዮ።

ሃየ ንግደፍ ኩሉ ዝሓዝናዮ ዕዮ፤
የድሊ ዓው ኢልካ ናብ ኣምላኽ እዝግዮ፤
ኑሱ ባዕሉ ዳኛ ንኹሉ ዝርእዮ።

ምስጢርኪ ይመርመር ማእከላይ ባሕሪ፤
ኣብ ውሽጢ ከርሲኺ ገለ እንተሎ ሰሪ፤
እንታይዩ ጸገምኪ ንመን ኮን ትነግሪ።

ኣብ ካልእ ኣሎዶ ከምዚ ናትኪ ባህሪ፤
መንእሰይ ዝዕድም ብፍጥነት ብናህሪ፤
ክሳብ መዓስከ ትም ኢልኪ ትነብሪ።

ብዘይ ሓሰቦ ትሕጽርዮ ዕምሪ፤
ዓሳኺ ይቕለብ ብዘይ ድኻም ጻዕሪ፤
ሎምስ ያኽለኪ ዕጸውዮ በሪ።

ሑጻ ሰሃራ ምስ ማዕበላት ባሕሪ፤
መዓስ'ዩ ጀሚሩ እዚ ናትክን ፍቕሪ፤
መልሲ እንተሎ ክሓተክን እንበሪ።

መዲተራኒያኣን ባሕሪ ደው ኣብሊ ሕሰም፤
ሸውሸውታ ማዕበልኪ ይፋጺ ኣብ ገምገም፤
ማይኪ'ዶ ዊሒዱ ጸሚኡኪ ደም።

ካባኺ ዘይሓይሽ ምድረበዳ ሑጻም፤
ኣብኡ ኣሎ ኣርዮስ ብምስሉ ኣዳም፤
ሂወት ሰብ ዘሕልፍ ጨካን'ዩ ጉዳም፤
ሬሳታት ዝድርቢ ኣብቲ ሓመድ ግዳም።

ገማግም ባሕሪ ምስ ምድረበዳ፤
ኣብቲ ወሰናስን ሑጻኽን ጻዕዳ፤
ነቲ ርኹስ ተግባር ዘይትነጽጋ ግዳ።

ፍልሰት እዩ ሂልቒት ሕማቕ ኣካይዳ፤
እዝንኽን ዝሰምዖ ዳሕራይ ከይትኽሕዳ፤
ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ ኣለክን ዕዳ።

ብትብርህ ምስግና።

ህቡራት መንግስታት ኣመሪካ።